ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ | الائتلاف الوطني الديمقراطي الإرتري

*Eritrean National Democratic Coalition*

# *መግለጺ ብዛዕባ ኤርትራውያን ምሩኻት ኣብ ትግራይ*

*ኣብ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ተገራጨውቲ ኣካላት ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ብምንኣድ፡ ውሽጣዊ ግጭት ንምፍታሕ ኩናት ክምረጽ ኣይግባእን ኢዩ ካብ ዝብል ጽኑዕ መትከላዊ መርገጹ ደጊሙ ብምርግጋጽ፣ ኤርተራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ (ኤሃዲል)፡ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም፣ ብዛዕባ'ቶም ኣብቲ ከንቶ ውግእ ብሓይልታት ትግራይ ዝተማረኹ ኤርትራውያን ብዝምልከት ኣብቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ዘይምጥቃሱን ግቡእ ኣቓልቦ ዘይምርካቡን ኣዚዩ ከም ዘሻቕሉ ይገልጽ።*

*ኤሃዲል፣ ነዚ ዝተበጽሐ ስምምዕ እናነኣደ፣ ብሚድያታት ትግራይ ኣቢሉ፣ ኣብ ዓለም ለኸ ሕግታት ንምሩኻት ኩናት ምስ ዝገዝእ ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰላት ዝጋጮ ተግባራት፣ ቃለ መጠየቕ ምስ ኤርትራውያን ምሩኻት ኩናት ክቃላሕ ዝቐነየ ብትሪ ከም ዝነጽጎ የፍልጥ። እዚ ዘይቅቡል ተግባር'ዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ንኣድማሳዊ ሕግታት ዝጥሕስ ምዃኑ፣ መብዛሕቲኦም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ብዘይ ድሌቶም ተገዲዶም፣ ትምክሕታዊ ባህግታታቱ ንምርዋይ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ብሓይሊ መልሚሉ ኣብ ዘይምልከቶም ኣዕናዊ ኩናት ኣእቲይዎም ምህላዉ'ውን ኣብ ግምት ዝወሰደ ኣይኮነን።*

*ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ልፍንቲ፡ ንኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያን ከምኡ'ውም ኩሎም ዝምልከቶም ኣህጉራውያን ኣካላትን፡ ኤርትራውያን ምሩኻት፣ ናብቲ ብሰፊሕ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝልለ ገባቲ ስርዓት ኣገዲዶም ንከይመልስዎምን፡ ምርጫታቶም ከኽብርሎምን ናብ ውሑስ መዕቆብ ከሰጋግርዎምን ኣትሪሩ ይምሕጸን።*

*ብተወሳኺ ኩሎም ኤርትራውያን ሃገራውያን ሓይልታት፣ ብቀዳምነት ድማ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ መሰላትን ድሕነትን ናይ'ዞም ኤርትራውያን ምሩኻት ኩናት ንምውሓስ ብዕቱብ ክንቀሳቐሱን፣ ጉዳዮም ናብ ዝምልከቶም ኣህጉራውያን ትካላትን፣ ዓለም ለኻውን ዞባውን መድረኻትን ንምብጻሕ ክጽዕቱን፣ ኤሃዲል ጻዊዕቱ የቕርብ።*

*ላዕለዋይ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ*
*18 ሕዳር 2022*